# ዕውት ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ከተማ ጊሰን ሃገረ ጀርመን።

ዕለት 7.07.2012 ኣብ ከተማ ጊሰን ሃገረ ጀርመን ዕውትን ዘደንቕ ፍጻመታት ተራእዩ። ብሓቂ ልዑል ተሰታፍነት ናይ ተቓውምቲ ብዉዕዉዕ መንፈስ ፍሉይ ዘደንቕ ኣዋዳድባን፡ ንኽውንነት ህልዊ ዘስካሕክሕ ናብራ ኣህዛብ ኤርትራ ዝገልጽን፡ ንውድቀት ጉጅለ ህግደፍ ዘቓልዕን፡ ንሰዓብቱ ኣብ ራዕዲ ዝሸምምን፡ ኰይኑ ከም እተረኽበ ማንም ተቐምጣይ ጊሰን ዝዕዘቦ ዝነበረ እዩ። ኣገልገልቲ ህግደፍ ርእሶም ኣድኒኖም የማነ ጸጋም ቀባሕ ቀባሕ እናበሉ



ክሓልፉ ክርአ እንከሎ: ንጹር መርገጺ ከም ዘይብሎምን ኣንጻር ህዝቦም ብምስላፎም ዝሓፈሩላ መዕልቲ ኰይና ከም እተሰምዓቶም ከይና ትርአ ነይራ ኣንተተባህለስ ኣይተጋነነን።

ህግደፍ፡ ኣብ ልዕሊ ኣህዛብ ኤርትራ ዘውርድዎ ዘለዉ ጭካኔ ዝመልኦ ተግባራት ቅጭጭ ከይበሎም ንተጎሰስቲ ሰዓብቶምን ገለ ጸዓዱን ብሐሶት ፕሮፖጋንዳ ልቦም ሰሊቦም፡ ኣብ ናይ ዕብዳን ዳንኬራ ኣብ ጊሰን ሜሰ ሄሰን ኣደራሽ ከላህይዎም እንከለዉ፡ ብኻልእ ሸነኽ ድማ ካብ መላእ ጀርመንን ስዊጸርላንድን ሆላንድን ወዘተ... ዝመጹ ኤርትራውያንን ከምኡውን ግዱሳት ጀርመናውያንን ኣባላት ፈደራላዊ ባቶይን ዝተፈላለያ ሰልፍታትን ገለ ሰበስልጣን ባይቶ ከተማ ጊሰንን ዝተፈላለያ ናይ ዜና ማዕከናትን ምሳና ኣብ ናይ ተቓውሞ ሰላማዊ ሰልፊ ሓቢሮም ውዒሎም ኢዮም።



እዚ ኣብ ጊሰን ዝተኻየደ ሰላማዊ ሰልፊ እዚ ንነዊሕ ጎስጓስ ዝተኻየደሉ እዩ፡ ከምኡ'ውን ተቐማጦን ኣመሓደርትን ከተማ ጊሰን ብኑጹርን ብደቂቅን ንኹነታት ሃገርና ክፈልጥዎን ኽርድእዎን ኣለዎም ብዝብል ጎስጓስ ድሕሪ ምግባር: ምስ ብርክት ዝበሉ ጀርመናውያን ብምትሕብባር ኣብ ዓወት ክበጽሕ ኪኢሉ። ዓርቢ ዕለት 6 እውን እንተኾነ

ስለምንታይ ሰላማዊ ሰልፊ ኣድለየ ብዝብል መጠነ ሰፊሕ ዝኾነ ሓበሬታ ናይ ምሃብ መድብ ከም ዝነበረን መንእሰያትና ዝኣክል መብርሂታት ዝሃቡሉን ዓወት ዝተጕናጸፉሉን ድሮ ሰላማዊ ሰልፊ ከም ዝነበረ እውን ከተገልጸ ክሓልፍ ዘይብሉ እዩ::

ከተማ ጊሰን፡ ሓንቲ ካብ ከተማታት ጀርምን ዓቢ ታሪኽ ዘለዋ ከተማ እያ: ከማኡውን ኣኣንጋዲት ስደተኛትት ከም ምኻና ኸኣ ትፍለጥ:: ስለ'ዚ እቲ ኣብ  ሙሉእ ዓለም ብጭቖናኡ ዝተፈልጠን ዝተፈንፈነን ዲክታቶር ኤርትራ፡ ኣብ'ዛ ታሪኻዊት ከተማ ጊሰን ንእከይ ተግባራቱ ዘገልግሎ ገንዘብ ንምእካብን ፕሮፓጋንዳ ንምግባርን ብኸመይ ክፍቀደሉ ኪኢሉ ብዝብል ሞጎተ: ብሓቂ ድሕሪ ነዊሕ ዝተፈላለየ ሰሚናር ክርድእዎን ክፈልጥዎን




ኪኢሎም ኣለዉ:: ኣብ ፓርላማ ከተማ ጊሰን'ውን እንተኸነ ብሰሙኑ ኣብ ጽቡቕ ምርደዳእ ክብጻሕ ተኻኢሉ እዩ:: ንዝመጽእ ዘሎ ጊዜታት ጉጅለ ህግደፍ ፈስቲቫላቱ ኣብ ከተማ ጊሰን ከካይድ ዕድል ኣይክህልዎን እዩ::

ኣባል ፈደራልዊ ፓርላማ ዝኾኑ ኣቶ ቶም ኮኒጊስ ኣብ ዘስምዖ  መደረ "….. ድሕርሕጂ ከተማ ጊሰን ኣአንጋዲት ውጽዓትን ደሞክራስያውያንን እንበር ንዲክታተርያውያን ቦታ ኣይክትህቦምን እያ …..": ቀጺሎም ድማ "…. ኣንጻር ዲክታቶር ህግደፍ ካብ ሕጂ ንደሓር ንበይንኹም ኣይኮንኩምን ንሕና'ውን ኣብ ጐድንኹም ተሰሊፍና ኣሎና …" እናበሉ ዘረባኦም ደምደሙ:: ሰልፈኛ ከም ናይ ዓሚ ኣብ ከባቢ ዳንኬራ ህግደፍ ዝገብረሉ ቦታ ተወሲኑ ኣይተረፈን፡ አንታይ ድኣ ንተቖማጦ ጊሰን ኮነፍልጦም ኣሎና ብዝብል መደብ ካብ መሰ ጊሰን ጀሚሩ፡ ስነስርዓቱ ሓልዩ: ካብቲ ዝተዋህቦ ቦታታትን መንገድታትን ከይሓለፈ፡ ሕጊ ከይጣሓሰ፡ ዕላማ ሰላማዊ ሰልፊ ዝገልጽ ጽሑፋት እናዓደለን ብዓውታ እናጨደረን ማእከል ከተማ በጽሐ:: ተቐማጦ ጊሰን ካብ ገዝኦም እናወጹ ብጣቕዒትን ናይ ሰላምታ ጭደራን ከሰንይዎን ክምልከትዎን እንከሎዉ: ብሓቂ ዕውትን ውዕውዕን ዝምስጥን ሰላማዊ ሰልፊ ከም ዝነበረ የርኢ::




ንፍትሕን መሰል ኣህዛብ ኤርትራ ከም ዝኽበር ንምግባር፡ ጉጅለ ህግደፍን ሰዓብቱን ካብ ሱሮ ተማሕዮም ክሳዕ ዝኸዱን ኣብ መቓብሮም ደማክራስያዊት

ኤርትራ ክሳዕ ትትከልን ከምዚ ዝኣመሰለን ክብኡ ዝውዕን ሰላማዊ ሰልፍታት ካብ ምስልሳል ዓዲ ዝውዕል ከም ዘየሎ ናይ ሎሚ ሰላማዊ ሰልፊ ጊሰን ንካልኣይ ጊዜ ኣምስኪሩ እዩ።

ውድቀት ንጉጅለ ህግደፍ
ሓድነት ሓይልታት ኤርትራ ይደልድል
ኹሉ ኣብ ሓደ ስሙር ደሞክራሲያዊ ግንባር ይጠርነፍ
ዓወት ንሓርነታዊ ቃልሲ ኤርትራ

ሽማግለ ሰላማዊ ሰልፊ
በርገሳውያንን ፖለቲካውያንን ውድባት ኤርትራ ኣብ ጀርመን

15.07.2012